## ኣገናዕ ! ሃብሮም ተኸስተ ወዲ ስብሃቱ ወዲ ኣደይ ለተየሱስ ወርቂ ዝማህጸነን !

ብዕለት 29.09.2018 ኣብ ከተማ ማንሃይም/ጀርመን ዓቢ መርዓ፡ ንስሙ ኢዩ መርዓ ተባሂሉ እምበር እዝስ ዓቢ ፈስቲቫል ኢዩ ዝነበረ፡ ንዕዱማት ኣጋይሹ ዘገረመን ዘደነቐን፡ መወዳድርቲ ዘይርከቦ ብትሕዝቶ ኮነ በዓይነት ዝጎደሎ ዘይብሉ፡ ባህሊ ሓበሻ 100% ዘማልአ፡ ኣልፋ ዎ ኦሜጋ ዝኾነ መርዓ ደቅና ወ/ት ማርታ ፀጋይ ምስ ኣቶ ማቴዎስ ተኸስተ ተገይሩ። እቲ ኣዝዩ ዘሐጉስን ዘሐብንን ኣቶ ተኸስተ ብመላእ ቤተሰቡ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ካብ ኣመና ንላዕሊ ፍትውን ክቡርን ሰብ ብምዃኑ ካብ ሕቡራት መንግሥታት ኣሜሪካ፡ ካናዳ፡ ዓዲ እንግሊዝ፡ ሆላንድ፡ ስዊደን፡ ዓዲ ጥልያን፡ ስዊስዘርላንድ ኮታ ክንደይ ኢልና እሞ ክንጽብጽቦ፡ ምስ ደቆምን ቁንጮምን ደኺምና ከይበሉን ገንዘቦም ከይበቐቑን መርዓ ራብዕቲ ሣልስቲ ክተርፎ እንከሎ ብኣጋኡ ተረኺቦም ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ ምስ ደቆም ነቲ ውራይ ከም ናቶም ተዓጢቆም ብምስሳይን ብምድማቕን ብሓደ ክስዕስዑን ክቆጻጸዩን ክትርኢ ከለኻ ብሓቂ ዘቕንእን ዘኹርዕን ነቲ ናይ ወለድትና ፍቕርን ስኒትን ዘርኢ መርኣያ የዘኻኽረካ። እንተ እቶም ካብ ኣሜሪካ ዝመጹሞ ሕሉፍ ዝሓለፈሎም ሰብ ቅያ ባህሊ ብምዃኖም ዲኖታት ተኸዲኖም ጐራዴታትን ጫምራ ኵናትን ምስ ዋልታታት ዓቲሮም ብለጋው ስቦ ዜማ ክብድሉን ክጭፍሩን ኮበሮ ክሳብ ዝቕደድ ክድስቑዎን ክትርኢ ከለኻ ንተኣምር ኢዩ ዘበለ።ንሱ ጥራሕ ዘይኮነ ኣቶ ዑቕበ ሃብተ ኣብ ውሽጢ ዳስ ብግዕዝ ንዝገበረልና ናይ ምስጋና ፀሎተ ስብኃትልኣብ ከምኡ`ውን ንእንዳ ወድን እንዳ ጓልን ሰሪዑ ዋሕስ ከትክሎም ከሎ ዝተመሃርናዮ ዘይርሳዕ ባህላዊ ፍልጠትን፡ ንመርዓት በዕሩኽቲ መርዓዊ ከዕርኻ ከሎ ዘስነቐና ኣገባብን ምዕዶን ኣማን ብኣማን ዘኹርዕን ዘሐብንን ባህልን ልምድን ከምዘለና ክንርዳእ ክኢልና።እቲ ዝተዳለወልና መግቢ ብኽልተ መዓዝናት ቡፌ ብምንባሩ ብጹፉፍ ኣገባብን ሥነ-ስርዓትን ኩሉ ዕዱም ከብዲ ምላሽ ተዓንጊሉ።

እተን ወሓለታት ኣዴታት ብጊዴኦን ጥሕሎ ጥሒለን ምስ ጦቅ ዝበለ ጸብሒ ስጋ ኣሰንየን ናብቲ ዳስ ኣትየን ንዕዱማት ኣጋይሽ ከዙራሎም ከለዋ ምስቲ ሜስን ስዋን ኣብ ጠረጴዛ መመገቢ ዝተዳለወ ክትርኢ ከለኻ ኣየ ውራይ ኣየ ሺሻይ የብል።ድሕሪ ብልዕን መስተን ከኣ በቶም ህቡባት ስነ-ጥበባውያን ክሳዕ ለሽ እንብል ሳዕሳዕና። ገበርቲ ቅያ ! ወናማት መርዓውን ኣቡኡን ብሓደ ኮይኖም ኮበሮ እንዳህረሙ ንመርዓት ኣማእኪሎም እንዳኣሳዕስዑ ንዓለም ኣይትጽርና ክብሉ ኣንከለው ንተዓዛባይ ዘስደምም ነበረ። መቸም እቲ

ጓይላን ሳዕስዒትን ናይ መብዛሕትኡ ዝተፈላለየ ባህሊ ኤርትራ ዝሕቆፈ ኮይኑ እንተላይ ሱዳንን ኣምሓርኛን ኦሮሞን እንግሊዝን ዘጠቓለለ ነበረ። በዚ ምዕሩግን ጽፉፍን ኣገባብ ብሠላም መዓልቲ መርዓ ፍርቂ ለይቲ ተዛዚሙ ንጽባሒቱ ዕለት 30.09.2018 ከኣ ናይ ሓማውቲ ብባህላዊ ኣገባብ ዳርጋ ከምቲ ናይ መርዓ መዓልቲ ዝብዝሑ ሰብ ኣብ ዝተኻፈሎ ዲቕ ዝበለ ዳግማይ መርዓ ኮነ። ሕጂ`ውን ኩሉ ዕዱም ዝኣኽሎ በሊዑን ሰቲዩን ትልሂትን ሳዕስዒትን ኮይኑ መጀመርያ ኣዴታት ብዘደንቕ ኣገባብ ምስ ስልማተንን ትሕዝቶኦንን ናይ ሓማውቲ ገይረን ንጓይላ ኣማዕረጎኦ ቀጺሉ ምሉእ ምሸት ዝተፈላለየ ናይ ባህሊ ጸወታን ሳዕስዒትን ተገይሩ ኣቦ ወድን ኣቦ ጓልን በብጊድኦም ንኹሎም ዕዱማት ኣጋይሽ ብዝያዳ ከኣ ነቶም ካብ ወጻኢ ሃገራት ዝመጹ ኣመስጊኖም መርዓ ብስኒትን ሠላምን ብምዕሩግ ኣገባብ ተዛዚመ። መርዓትን መርዓውን እንቋዕ ሓጎሰኩም ! ቃል ኪዳንኩም ከም ናይ ኣብርሃምን ሣራን ይግበረልኩም ! ከም ማይን ጸባን ይሓዋውስኩም ! ናይ ክልቴኹም ሥድራቤታትን ቤተሰብን ምሥጋና ይብጽሓዮም ! መርዓ ካብ ተገብረ ዝጠፍአ ይጥፋእ ከምዛ ናትኩም ዝበለት እንኮን ንዘልዓለም ዘይትርሳዕን ይግበረልና።

ሓውኹም !
ኣንገሦም ገ/ዮውሓንስ
ሉድቪክስቦርግ/ጀርመን
02.09.2018




